# ሲኒት፡ ዩ!ዋሕስና!!

ጽልኢ  ሞት ኢያ ንርእሳ፡
ስስዕተ ስጋኣ ሓጥያትዩ!  ኣበሳ፡
ዝጠፍኤት ነብሲ ኣብ ኑቡር ንምለሳ፡
ስጋብ ኣበይ ኢዩ ወግዒ ሎሚ።
ሓደ ዘርእስቱ ምስ ናይ ዓሚ፡
ኢሉኒ ኢለዮ መቀየሚ፡ ርእስኺ መሕመሚ
ብዘይ ጭብጢ ብዘይፈጽሚ፡ ዓዘቕታዊ
ሰልሚ፡  ወገንካ ተድሚ ፡

ከም ለባም ኣፍኢሙ ቁምነገር  ክነግር፡
ዜማታት ቴሙኡ ከምዚ ሉ' ይጅምር፡

እቲ ድርሰቱ ግን ይፈርሶ፡
ሕጊ ንባቡ ብዘይ ሕጊ ይጥሕሶ፡
ይሓልፎ ይሰግሮ መሊሱ ይምለሶ።
ኣነኮ! ንሕናኮ! ይብል  ኣሞንጎ፡ሞንጎ፡
ሰላምን ቅርዝሕንትን እንዳ ተጠናነጎ።

ከርብሕ ክኽንስ ብዓሌት ብእንዳ፡
ፋሕ ኢሉ እንከሎ ኣብ ናይ ስደት፡ጓዳ፡
ኣይእሰር ኣጥመር ኣይሰምዕን ማዕዳ፡
ኣብዘይ ዱሙቕ፡ ጓይላ ብዘይ ስምራ፡
ኩዳ፡ ጨብረቕረቕ ጠቓዒት፡ ነቶም
ሰብ፡መንጉዳ!!

ካብ ስግር ናብ ስግር ብወንጭፍ ጣዛ፡
ዓጸማ ቃላቱ ብዘይ ገለ ላዛ፡
ሚድያ  ኮይኑ ሜዳ፡ መቛየቒ ገዛ
ሽጉሩ ከይፈተሽ ምንጪ ጸገማቱ፡
ቀንድን ባዓል ቤትን ምኽንያት ስደቱ፡
ኣብ ክንዲ ኣቓልቦ ተመንዘዔ ክብረቱ
ሕድሕዳዊ ህልኽ ጸረ ረብዝሓታቱ፡

ይቅረይቅረ ግዳ ዘይባሃሃሉ ዘይታሓቛቆፉ፡

እቲ ንሱኹም ንሕና ተሪፉ ጸጽያፉ
ነገር ኣብ ምዕራፉ ሓወይ ሓብተይ ኣሰር ቶም ዝሓለፉ፡

ነዛ ግናይ እዋን ኣብ ምስጋራ፡
ኢሂን ብሂን ድሕነታ ኤርትራ፡
ብልፍቲ ጽምዶ ብሓበራ፡
እንካ ሃባ በቢ"ታራ ገዲፍና እንኪሒራ፡

እቲ ሕማም  ቃንዙኡ ሓደ ኢዩ ንኹሉ፡
ንወሳስኸሉ ኣብ ክንዲ ምቕላሉ
ይዋጽ ጉዳይ ህዝቢ  እኺ መን ሓሲቡሉ
እኔሄ ዶ! ከቢዱ ትጾሩ፡ኣብ ቃልዕ ዊዒሉ
እቲ ሑሙም ሕማሙ  ከይፈወሰ፡

ስለ ቃንዛ ካሎኦት ተነክኒኹ እንተ ኣልቀሰ፡
እንታይ ፋይዳ ኣሎዎ  ሆይሆይታ ጫውጫውታ፡
ሓሚምካ ዘይ ምድሓን ሞት እንድያ መወዳእታ  ፡
እወ ጽልኢ ሞት ኢዩ ንገዛእ ሩእሱ
ልቢ ብቅርሕንቲ እተድኣ  በስቢሱ
ሕድገት ኢዩ ፉቱን መድሃኒቱ ፎውሱ፡  ,
ፍቕሪ  ኢዩ ሓኪሙ ዘሕዊ ነቂሱ፡
ንጽባ  ክትሓይሽ ሎሚ ንስራሕ፡
ምስራሕ ማለት ኣይኮነን ምንባሕ፡
ነቲ ሑሉፍ ጌጋ ዘይምድጋሙ
ብልዝብ ብዘተ ምእራሙ፡
ሸዑ ብሓዱሽ  ድርሰት ቃና፡
ንጉዳይና ዋና  ኮይና፡
ንሙጉት ዓያሹ ወጋጊድና
ኪኖ ሎሚ፡ንጽባሕ ኣማዕዲና
ደጊም ይኣኽለና በጃኹም ሕደጉና፡ ,
ክብርን ሞጎስን!  ንሱዋኣትና!!,
ብሰላም ይደበስ  ህዝብና!!

***ብዳዊት ክ,ተስፍሚካኤል፡***